# ምስጋና

ምንም'ኳ ሓፂር እንተኾነ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ባህርይ ዘለዎ ጽሑፍ ኣፈ-ታሪካዊ ዛንታታት ጸሚቝካ ምውጻእ፡ ከማኡ'ውን ብዛዕባ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ባህልን ማሕበራዊ ኣነባብራን ምጽሓፍ ቀሊል ኣይኮነን። ሀዚ'ውን ኣብዚ ጽሑፍ ገና ክስተኻከል ዝግብኦን ዕምቕ ዝበለ መጽናዕቲ ክግበረሉ ዘሎዎን ብዙኅ ነገር ከምዝህሉ እኣምን ኢየ። ይኹን እምበር ግልፂ ጌጋታት ከይግበሩ ብዝተኻኣለኒ መጠን ጥንቃቄ ንምግባር ፈቲነ ኣሎኹ።

ንዚ ጽሑፍ ኣብ ዘሰናደኹሉ ጊዜን ከባብን ክረኽቦም ዝኸኣልኩ ናይ'ዚ ሕብረተሰብ ታሪክን ባህልን ዝፈልጡ ኢለ ዝኣመንኩሎም ብዙኃት ዓበይትን ኣናእሽቱን ደቀባት ኢሮብ ተወኪሰ፡ ንሳቶም ከዓ ንሕቶታተይ ብምምላስ፡ ከማኡ'ውን መስተኻኸሊ ሓሳቦምን ርኢቶኦምን ብምልጋስ፡ ምስ ዓቢይ ምትብባዕ ብዙኅ ደጊፎሙኒ ኢዮም። ብፍላይ ግን ንኣባ ዮሓንስ ግደይ፡ ቀሺ ገብረፃድቕ ገብረሕይወት፡ ኣባ ኃይሉ ሓጎስ፡ ኣባ ኣብርሃ ደስታ፡ ኣባ በየነ ኃይሉ፡ ኣባ ቶማስ ወልደሥላሴ፡ ኣይተ ዝግታ ተስፋይ፡ ኣይተ ደበሳይ ካሕሣይ፡ ኣይተ ሥሙር ፍሡሕ፡ ኣይተ ኃይለሥላሴ ገብራይ ብላታ፡ ኣይተ ማሣ ሓጐስ፡ ኣይተ ጋይም ወልደጊዮርጊስ፡ ኣይተ ካሕሣይ ኣብርሃ፡ ኣይተ ኃይለሥላሴ ዮሓንስ፡ መም/ዝግታ ሓድጉ፡ ኣይተ ኪዳነማርያም፡ሽፋረ፡ ዓቢይ ምስጋናይ ክገልፀሎም እፈቱ።

****************

*******

***